*<u>ርእሲ-ዓንቀጽ</u>*

# ሃለዋት ህዝቢ ኣፍሪቃ: ቅድሚ ኮሎንያልዝምን: ኣብ እዋን ኮሎንያልዝምን: ድሕሪኡን ሎምን ንዝመእን።

**ብሓልዮት ጉጅለ ደቀባት ኤርትራ** *10.05.2009* **ዓ.ም.**

ህዝቢ ኣፍሪቃ ካብ *1444* ዓ.ም. ጀሚሩ ክሳብ *18* ክፍለ-ዘመን: ሕሱም ባርነት ከምዘሕለፈ መጻሕፍተ-ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ። ካብ *1507* ዓ.ም. ጀሚሩ ክሳብ *19* ክፍለ-ዘመን ከኣ: ባርባራዊ ወራር ኮሎንያል ሃገራት ኤውሮጳ ኣሕሊፉ'ዩ። እቲ መሪር ዘመናት ባርነት ኣብ *18* ክፍል-ዘመን ከብቅዕ ከሎ: እቲ መዋእል ኮሎንያል ግዜ ከኣ: ንስሙ ኣብ *19* ክፍለዘን ኣብቂዑ ተባሂሉ። ድሕሪ *100* ዓመት መዋእል ባርነትን: ድሕሪ *50* ዓመት ምውዳእ ኮሎንያል መግዛእትን ከኣ: ሓራ ወጺኡን ልዑላውነት ሃገሩ ተኸቢሩሉን ኣብ ክንዲ ዝነብር: ብሓዲሽ ቀጥባዊ መግዛእቲ: ማለት ብኒዮ-ኮሎንያሊዝም ንኽግዛእ ተፈሪዱ። ሎሚ ከኣ ብኣዝዩ ዝረቐቐ: ስለላዊን ስነኣእምራዊን መግዛእቲ ኒዮ-ሊበራሊዝሙስ ተተኪኡ። እተን ብጻዕቂ ህዝቢ ኣዝየን ዝተሃዘባ: ሃገራት ኣስያ ብፍላይ ከም ብዓል ሃገር ቻይናን ህንድን: ንህዝበን ኣጽጊበን ተረፈን መግብን ቴክኖሎጂን ከኣ: ንወጻኢ ኤክስፖርት ክገብራ ከለዋ: ህዝቢ ኣፍሪቃ ግን ብሰንኪ ምዕራባውያን ሃገራት: ምስ ማእለያ ዘይብሉ ባህርያዊ ሃብቱ ከሎ: ከም ድኻን ደንቈሮን ተቖጺሩ: ባህርያዊ ሃብቱ እንዳተመዝመዘ: ብዝተፋላለየ ሕማማት እንዳተሳቐየ: ባህርያዊ ጸግኡ ባዕሉ ከይተጠቐመሉ ደፋእ ኣንዳበል ክጸንት ይርኤ'ሎ። ከምቲ ግብእን መጐታዊን ግን: ሎሚ ህዝቢ ኣፍሪቃ: ምስቲ ዘይተኣደነ ባህርያዊ ጸግኡ: ንርእሱ ኮይኑ ንምሉእ ዓለም ከካፍል ምኽኣለ ነይሩ። ብኣንጻሩ ግን ንባህርያዊ ሃብቱ ባዕሉ ተጠቒሙ ምንባር ይትረፎስ: ነቲ ብሰንኪ ምዕራባውያን ገበቲ ሃብቲ: ወሪዱዎ ዘሎ ጸገም: ብሓባር ተመራሚሩ መኪቱ: ብእንካን ሃባን ዝምድና ክጕዓዝ ኣይበቐዐን። ርግጽዩ እቲ ፈላሊኻ ግዛእ: ዝዓላማኡ: ውዲት ባዕዳውያን ደለብቲ ሃብቲ: ኣዝዩ ሓያል ኣኮ ኣንተኾነ: ምሁራትን መራሕቲ ኣፍሪቃውያንን ግን: ሰብኣዊ ሓይሊ ህዝቦምን: ባህርያዊ ሃብቲ ሃገሮምን ከለዎም: ኣብ ክንዲ ብኹርዓት በዲሆም: ኣሰር ኣስያዋንን ቻይናውያንን ዝኽተሉ: ብኣንጻሩ ግን ክብሪ ሃገሮምን ክብሮምን ቀንጢጦም: ተንበርኪኽትን ተገዛእትን ባዕዳውያን ኮይኖም ንኽነብሩ መሪጾም። እዚ ከኣ'ዩ እቲ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ድንቍርናን ሕመቕን። ብሰንኪ ኣፍሪቃውያን ፈላጣትን: መራሕቲ ዝብሃሉን ከኣ: ኣንሆ ህዝቢ ኣፍሪቃ ብምዕራባውያን ሃገራት ንሞት ተፈሪዱ ይርከብ ኣሎ።

እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ከኣ: ባዕዳውያን ርእሰ-ማላውያን ሃገራት: ምስ ምብራቓውያን ሃገራት ብምልፋን: ህዝቢ ኣፍሪቃ ህዝባዊ ሰውራ ኣልዒሉ: ንመሰሉን ንመንነቱን ንኽይጣበቕን: ድሞክራስያዊ መንግስቲ ከይምስርትን: ኮነ ኢሎም ብረቂቕ ውዲት ዓጊቶሞ ይርከቡ ምህላዎም'ዩ። ንሱ ድማ ካብ ከርሱ ዝተወልዱን: ካብ ብኣእምሮኦም ብኸብዶም ዝሓስቡን: ኣብ ክንዲ ንህዝቦም ምግልጋል ንባዕዳውያን ርእሰማላውያን ንኽገልግሉ ዝመረጹን: ኣዛብእ ኮራኹር ዓሊሞም ብምውፋር: ህዝቢ ኣፍሪቃ ንዝመጽእ ግዜ ከይምዕብልን ከይነብርን: "ዲሞክራስያን ምዕባሌን ከነምጽኣልካ ኢና: ካብ ጥሜትን ዕርቃንን ድንቍርናን ከነናግፈካ ኢና" እንዳበሉ: ብዘይፍጸም ተስፋ ጥራይ ከምዝጠፍእ ይገብሩዎ ኣለው። ሰለይ እንዳበሉ ከኣ ጽባሕ ብጊሓት: ንምልእቲ ኣፍሪቃ ክቈጻጸሩዋ'ዮም ዝሓልሙ ዘለው።

## ባርነት ኣብ ኣፍሪቃ

ክሳብ *1444* ዓ.ም. ኣፍሪቃ ኣብ'ቲ ዘይተነጸረ ወሰናስንን ዶባትን ዝነበራ እዋን: ብንኣሽቱ ዓድታትን ቍሸታትን ቀቢላታትን ተኻፋፊላ'ያ ነይራ። ነተን ዓድታን ቀቢላታትን ድማ: ካብ ሕንብርተን ዝተወልዱ: ርኹባትን ጭዋታትን ተጸዋዕቲ ዓዲ ደቀባት'ዮም ዘመሓድሩወን ነይሮም።




"ኣነስ ሰበይቲ ከምኡ'ውን ሓብቲዶ ኣይኮንኩን?" ባርነት ክሳብ ክንደይ ሕሱም ከምዝነበረ እትገልጽ: ስእሊ ሓንቲ ኣፍሪቃዊት ጓል-ኣንስተይቲ።

ኣብቲ መዋእል'ቲ ሕብረተ-ሰብ ኣፍሪቃ ኣብ ክንዲ ስርዓተ ትምህርትን ጒርሕን: ግርህነትን ፈሪሃ-እግዜእቢሔርን ጥራይ ዝዓብለሎ'ዩ ነይሩ። ብዙሓት ሽፋቱ በብእዋኑ ነቶም ካብኦም ንላዕሊ: ስቡሕ መሬትን ሃብትን ጥሪትን ዝነበሮም: እንዳወረሩ ክዘምትዎም ሾናት ይውልዑ ነበሩ። ብኸም'ዚ ከኣ ኣብ መንጐ ዝተፋላለያ ዓድታትን ዓሌታትን ሾናት ሓድሕድ ዝውቱር ነብረ። እቶም ዝውረሩ ዝነበሩ ድማ ሃብቶምን መሬቶምን: ጥሪቶምን ንኽከላኸሉ: ንዝወሮም ይምክቱዎ ነበሩ። ብኸም'ዚ ከኣ እቶም ዝሓየሉ: ነቶም ዝሓመቑ ማሪኾም ይኣስሩዎም ነበሩ። ከም ባረዩ ገይሮም የሸቅሉዎምን ይሸጡዎምን ከኣ ነበሩ። ንኣብነት ኣብቲ ፈለማ እዋን'ቲ ኣዕራብ-ነጋዶ ንምዕራብ ኣፍሪቃ እንዳሰሎኹ: ወርቅን ስኒ-ሓርማዝን ቈርበት-ነብርን: ካልእ ክቡር ንብረትን ዓዲጎም ዝመላልስሉ እዋን ስለዝነበረ: ሰብ ዓዲግካ ምስትሻይጥን ትልወጥን ዝያዳ መኽሰብ ከምዝርከብ ደፋእ ኣንዳበሉ ክፈልጡ ስለ ዝጀመሩ: ነቶም ሓያላት መራሕቲ ዓድታት ኣፍሪቃ: ካብቶም ዝማረኹዎም ደቂ ሃገር ሰለይ እንዳበሉ ንኽሸጡሎም ኣለማመዱዎም። ካብኡ ቀጺሎም እቶም ነጋዶ ኣዕራብ: ነቶም ከም ኣቕሓ ተቈጺሮም: ብስም ባረዩ ካብ ኣፍሪቃ ዝተዓደጉ ኣፍሪቃውያን: ብዙሕ መኽሰብ ንኽረኽቡ ንሃገራት ኣዕራብን: ንሃገር ስፓኛን ግልያታት ኮይኖም ንኸገልግሉ ክሸጡዎም ጀመሩ።







ኤውሮጳውያን ኮሎንያል ገዛእ'ቲ: ነቲ ብዘይካ በትርን ካራን ምሳርን ፋስን ጭማራን ሴፍን ኣንተዘይኮይኑ: ካልእ ምዕቡል መሳርያ ዘይነበሮ ህዝቢ ኣፍሪቃ: ኣብታ ጥሪቱ ኣንዳጓሴን: እንስሳ ዘገዳም እንዳሃደነን: መሬቱ እንዳሓረሰን እንዳጫኾረን: ካብቲ ባዕሉ ዝውንኖ ባሕርታቱን ቀላያቱን ኣፍላጋቱን ድማ ዓሳታት እንዳገፈፈን: ነቲ ባህርያዊ ጸጋ ሃገሩ ኣስተማቒሩ ክነብር ከሎ: ፖርቱጋላውያንን ስፓኛውያንን ከኣ: በቲ ኣዕራብ-ነጋዶ ዝሓበሩዎም ሜላ ተጠቒሞም: ብቀምሽ ካህናት ለቢሶም ምስዮናውያን ዝመስሉ ሰለይቲ ኣንዳተመርሑ: ስቡሕ መሬታት ንኽድህስሱ ኣብ ገማግም ከባቢ ኣትላንቲክ ውቅያኖስን: ህንዳዊ-ውቅያኖስን ክቃላቐሉ ጀመሩ። ብኸምዚ ድማ ነቲ ጸረ ሕልናኡ ዘይገብር ለዋህ ህዝቢ ኣፍሪቃ: ብሰላሕ-መላሕ ሰሊኾም: ብጠመንጃን ቦምባን

*መድፍዕን ተሰንዮም ብ1444 ዓ.ም. ዘይንብረቶም ክዘምቱ ተዋፈሩ። ስለዚ ኣብ ኣፍሪቃ ንግዲ ባርነት ካብ 1444 ዓ.ም. ጀሚሩ: ክሳብ 18 ክፍለ-ዘመን ከኣ: ብንሕስያ ዘይብሉ ጭካኔ: ሚልዮናት ህዝቢ ኣፍሪቃ ከም ኣቕሓ ተሸጠን ተለወጠን ፈለሰን።*

*ኣፍሪቃውያን ኣብ መዋእል ባርነት: ካበ'የኖት ሃገራት ትዓዲኖም: ንሃገራት ኣስያን ኣሜሪካን ኤውሮጳን ሃገራት ኣዕራብን: ይሕረጁ ከምዝነበሩ ዘርኢ ስእላዊ መግለጺ።*




*ኣፍሪቃ እታ ብተፈጥሮ ብክሊማን ባህርያዊ ሃብትን ጸጋን ዝተዓደለት ኮንቲነንት'ያ። ብመ'ኽንያት ሃብታን ጸግኣን ኩነታት ኣየራን ድማ: ብዙሓት ወረርቲ ካብ 1444 ዓ.ም. ጀሚሮም ብሂጎማ'ዮም። ንህዝባ ባርያ ገይሮም ንሃብታን መሬታን ን'ኽውንኑ ከኣ ብዙሕ ዘስካሕክሕ ወራራት ኣካይዶም። ክሳብ'ዚ ዘሎናዮ መበል 21 ክፍለዘመን ከኣ መልክያምን ሜላኦን ድኣ ይቀየር'ምበር: ንኣፍሪቃ ንምቍጽጻር ዝብል ዓላማኦምሲ ገና ኣይቀየርዎን። እቲ ቀንዲ መንቀሊኦም ከኣ ከምቲ ናይ ባዮሎጂ-ሊቅ ዳርዊን ዝተባህለ እንግሊዛዊ ተማራማሪ: ዝሓንጸጾ ሕንጻጽ ተበጊሶም'ዮም። ንሱ ድማ ሓደ ዝሓየለ ፍጡር ንዝሓመቐ ፍጥጡር ክዕብልሎ: ባህርያዊ'ዩ ኢሉ ከም መምርሒ ሓንጺጹዎ'ዩ። ይ'ኹን'ምበር ብተፈጥሮኡኳ ኣፍሪቃዊ ህዝቢ ሓያል እንተ'ኾነ: እቶም ጽዓዱ ዝብሃሉ ግን: ብጠመንጃን ጥይትን ጭካኔን ተኣማሚኖም: ንሶም ጥራይ ብሉጻት ፍጥረትን: ሓያላትን ከምዝ'ኾኑ ንዓለም ከእምኑዎ ህርድግ ይብሉ ኣለው። መሲሉዎም ድኣምበር: ኣብ መወዳእታ ግን ኣቐዲሙ ዝመውትን ድሒሩ ዝመውትን ሓደ እዩ።*

***ብመስርዕ-እዋን ዝሕብር ፍጻሜታት ኮሎንያል መግዛእቲ ኣፍሪቃ:***

*ብድሕሪ'ዚ ብ1507 ዓ.ም. ፖቱጋላውያን በ'ኹሪ ኮሎንያል ዘመተ ጀሚሮም: ንገማግም ሞዛንቢክ ተቛጻጺሮም።*

*ብ1652 ዓ.ም. ኮሎንያል ሆላንድ: ንኬፕታውን ደቡብ ኣፍሪቃ ተቋጻጺሮም።*

*ብ1806 ዓ.ም. ኮሎንያል ዓባይብሪጣንያ ንካፕላንድ ደቡብ-ኣፍሪቃ ወሪሮም ተቛጻጺሮም።*

*ብ1808 ዓ.ም. ኮሎንያል ዓባይ-ብሪጣንያ ንሰራልዮን ወሪሮማ።*

*ብ1830 ዓ.ም. ኮሎንያል ፈረንሳ ንኣልጀርያ ወሪሮም። ኣብቲ ወራር'ቲ ካብ ሓደ ሚልዮን ንላዕሊ ኣልጀራውያን ሃሊቖም።*

*ብ1874 ዓ.ም. ኮሎንያል ዓባይ ብሪጣንያ ንሃገር ጋና ወሪሮም።*

*ብ1879 ዓ.ም. ኮሎንያል ፈረንሳ ንሴራልዮን ምስተቓጻጸሩ: መግዛእቶም ንምዕራብ ኣፍሪቃ ልሒሙ።*

*ብ1880 ዓ.ም. ኮሎንያል ፈረንሳ ንቱንዝያ ወሪሮም። ኣብቲ ወራር'ቲ ካብ ፍርቂ ሚልዮን ንላዕሊ ደቂ ቱንዝያ ሃሊቖም።*

*ብ1880 ዓ.ም.ብንጉስ ልዮፖልድ ትዝግዛእ ዝነበረት ሃገር በልጁም ንኮንጎ ወረራ ተቛጻጺራታ። ሃገር ኮንጎ ስፍሓታ 77 ግዜ ካብ ሃገር በልጅም ትገዝፍ: ወይ ከኣ ክንዲ ጠቕላላ ስፍሓት ጀርመንን: ፈረንሳን ስፓንያን ተደማሚረን ት'ኸውን። ሃገር ኮንጎ እታ ብባህርያዊ ጸጋ ካብ*

ምሉኣት ሃገራት ዓለም ዝሃብተመት ሃገር'ያ። ማእለያ ዘይብሉ ንሃስን ኮባልትን ኡራንዩምን: ዘይትን (በልዚና) ወርቂ ድያሞንድን ዝርከባ: ብማዕድን ዝሃብተመት ሃገር'ያ። ከምኡ ድማ እቲ ኮልታን ዝብሃል ክቡር ማዕድን: ኣብ ኮንጎ ጥራይ እዩ ዝርከብ። ኮልታን ብፍላይ ንላብ-ቶብን ሞባይል-ተለፎንን: ፕለይስተሽንን ክስርሓሉ ዝኻል ማዕድን'ዩ። ማዕድን ኮልታን ሓደ መዓልቲ: መንግስቲ ኮንጎ ከይፍሓር ጠጠው ኣንተድኣ ኣቢሉዎ: ኩለን ላብ-ቶብን ሞባይልንን መዘናግዒ ኮምፒዩተርን ዝሰርሓ ሃገራት: ከም ብዓል ጃፓንን ኣሜሪካን ኤውሮጳውያንን ፋብሪካታተን መዓጸዋ ነይረን። ብጽሩይን ፈልፋልን ማይን: ብቀላያትን ኣፍላጋትን: በዱ መሬትን ዝተዓደለት ገነታዊት ሃገርያ። ኮንጎ ብዱርን ክቡር ኣእዋምን ኣዝያ ዝበልጸገት ሃገር'ያ። ብሕርሻ ድማ ብፍላይ ብምህርቲ ጡጥን በናናን ቡንን: ኣዝያ ሃብታም ሃገር'ያ። ዝተፋላለዩ እንስሳ ዘገዳምን ዘቤትን ዝዓሰሉዋ ሃገር'ያ። እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ግን: ንኽትበልዓ ዝደሌኻ ኣብ-ጕምባሕሲ ዛግራ ትብላ ከምዝብሃል: ዜናን ፕሮፖጋን ማዕከናት ምዕራባውያን ሃገራት: ንሃገር ኮንጎ ካብተን ዝደኸያ ሃገራት ስለዝኾነት: "ሓደ ወዲ ኮንጎ ዓመታዊ እቶቱ 123 ዶላር እዩ" ኢለን እየን ፕሮፓጋንዳ ዝነዝሓ። ነቲ ብዲሞክራስያዊ ምርጫ ኣገባብ: ብህዝቢ-ኮንጎ ዝተሓርየ: ተባዕን ጅግናን መራሒ ፓትሪክ ሉሙምባ: ሃገር ኮንጎ ንደቂ-ኮንጎ: ዝብል ጭርሖ ሒዙ ምስ ተበገሰ: ኮሎንያል በልጂምን ስለላ መርበብ ኣሜሪካ ሲ.ኣይ.ኤን: ተላፊኖም ብዘስካሕክሕ ቅትለት ቀንጺሎሞ'ዮም። መተካእትኡ ድማ ነቲ ኣብ ቅጥለት ፓትሪክ ሉሙምባ ዝተዋፈረ: ፋሺስታዊን ማፍያን: መሳርሒ ሃጺያውያን ሞቡቱ ሰ-ሴሰስኮ: ኣብ ስልጣን ሰቚሎም ክሳብ ኣሪጉ ዝመውት: ንኮንጎ ብዘስካሕክሕ መግዛእትን ጭቈናን ደቚሱ: ባህርያዊ ሃብታ ብጽዓዱ ከምዝምዝመዝ ኣሕሊፉ ሂቡ: ነቲ ዝተረፈ ገንዘብ ድማ ኣብ ረብሓን ምዕባሌን ሃገር ኮንጎ ንኽይውዕል: ኣብቲ ኣብ ስዊዘርላንድን ሎንዶንን ፓሪስን: ዝርከብ ባንክታት ብስሙ ከዚኑዎ'ዩ። እቲ ማእለያ ዘይብሉ ቢልዮናት ገንዘቡ ተባሂሉ: ኣብ ባንክታት ተኾሚሩ ዝነበረ ድማ: ዕሽር ከይኣልዓለሉ ሞይቱ: እቲ ክንድዚ ኣሎካ ኣንዳተባህለ ዝንገሮ ዝነበረ ገንዘብ ህዝቢ ኮንጎ ድማ: መንግስታት ኤውሮጳን ኣሜሪካን ወሪሶሞ።



ካብቲ ብዙሕ መደሬታት ፓትሪክ ሉሙምባ ሓደ እዚ ዝስዕብ ዩ።

*A black was always addressed in the casual form not certainly as a friend.*
*But because the respectful form was reserved for whites.We have known ironies,*
*blows that we endured, morning, noon, and evening, because we are negroes.*

ኣለን ዱለስ ዝተባህለ ኣብቲ እዋንቲ ሓላፊ ሲ.ኣይ.ኤ. ዝነበረ: ንፓትሪክ ሉምምባ ዕቡድ-ክልቢ ኢሉ'ዩ: ቅጽል ስም ሂቡዎ። ብትእዛዝ ሓላፊ ሲ.ኣይ.ኤ. ኣለን ዱለስ ከኣ: መንግስቲ ኣሜሪካ ብስም ሕቡራት መንግስታት: ምስ ወተሃደራት ኮሎንያል ገዛኢት በልጁም ተላፊና: ወተሃደራታ ንኮንጎ ልኢኻ: ንፓትሪክ ሉሙምባ ብዘስካሕክሕ ቅጥለት ከምዝቐንጸል ገይራ። ድሕሪ ሞት ጅግና ፓትሪክ ሉሙምባ: ሃገር ኮንጎ ብፋሺስታዊ ገዛኢ ዮሴፍ ደዚረ ሞቡቱ ኣንዳተገዝኤት ኣብ ዓዘቕቲ ብልሽውናን ሃብታም-ድኻ ኮይና። ፓትሪክ ሉሙምባ ንመን ረብሓ ከምተቐንጸለ ከኣ: እቲ ውጽኢት መግዛእቲ ዮሴፍ ደዚረ ሞቡቱን: ሎሚ ኣብ መንግስቲ ወዲ ካቢላ ዝራኤ ዘሎ ኩነታትን ይምስክሮ ኣሎ። እቲ ምስጢር ከኣ ጋህዲ ኮይኑ ይርኤ ኣሎ።



ዮሴፍ ደዚረ ሞቡቱ: ድሕሪ ፓሪክ ሉሙምባ ኣብ ስልጣን ምስ መጸ ብወግዒ ኣብ ዋይት-ሃውስ ብፕረሲደንት ሪቻርድ ኒክሰን ክምዓድ ከሎ ዘራኢ ስእላዊ መግለጺ። ዮሴፍ ደዚረ ሞቡቱ: እቲ ቀንዲ ንፓትሪክ ሉሙምባ ዝቐንጸለ ኩርኹር ሃጸይነት ነበረ። ካብ *1972* ጀሚሩ ክሳብ *1997* ከኣ መሳርሒ ሃጸይነት ኮይኑ: ነታ ብባህርያዊ ሃብቲ ዝበልጸገት ሃገር ኮንጎ ብዘስካሕክሕ ፋሺስታዊ መግዛእቲ ድሕሪ ምግዛኡ: ብዋሕስነት ሃጸይነት ኣብ ቤት ፍርዲ ከይቀረበ: ንከተማ ራባት (ርእሲ ከተማ ቱኒዝያ) ብፍልይቲ ነፋሪት ግዒዙ: ኣብኡ ከኣ ብሕማም መንሽሮ ሞይቱ። ዮሴፍ ደዚረ ሞቡቱ: ኣብ ስልጣን ካብ ዝመጽእ ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ: ካብ 6 ሚልዮን ዝበዝሕ ህዝቢ ኮንጎ ሃሊቑ። ገና ከኣ ይሃልቕ ኣሎ።እዚ ከኣ ኮነልካ: ነቲ ህዝቢ ኮንጎ ኣጽኒትካ: ነቲ ሃብቲ-ሃገር ኮንጎ ንምዝማት ዝግበር ዘሎ ዘመተ ኒዮሊበራላውያንን: ግሎባል-ፕለየርስ እዩ።

ሎሚ ከኣ ሃገር ኮንጎ ምስ ሃብታን ጸግኣን: ምስተን ድኻታት ሃገራት 3ይ ዓለም ተቖጺራ: ህዝባ ድማ "ዲሞክራስያ ዘይፈልጥን ተሳንዩ ክነብር ዘይካክእልን" እንዳተባህለለ: ብስም ወተሃደራት ሕቡራት መንግስታት ዝፍለጡ ዋርድያታት እንዳተሓለወ: ማዕድናት ሃገሩ ተጓሕጕሑ ንምዕራባውያን ሃገራት ይግዕዝ ኣሎ። እቶም ቀንዲ ኣገልገልትን መሳርሕን ርእሰማላውያን ምዕራባውያን ኮይኖም: ንኮንጎ ዝዘርዩዋ ዘለው መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ከኣ: መራሒ ኡጋንዳ ዲክታቶር መሶቪንን: ፋሺስታዊ መራሒ ሩዋንዳ: ፓውል ካጋመን: ካልኦት ተሓባበርቶምን'ዮም። ፕረሲደንት ካቢላ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋን'ውን: መንግስቲ ኤርትራ ይተሓባበሮ ከምዝነበረ ዝዝከር'ዩ። መንግስቲ ኤርትራ'ውን ምስ መንግስቲ ኡጋንዳን ሩዋንዳን: ጽቡቕ ምትእስሳር ከምዘለዎ'ዩ ዝፍለጥ። ስለ'ዚ መንግስቲ ኤርትራ'ውን: ኣብቲ ንረብሓ ጽዓዱ ዝግበር ረቒቕ ፕሮጀክትታት ጥራይ ዘይኮነ: ግሁድ ኢድ ምትእታው ከምዘለዎ'እዩ ዝመስል።

## ንስሙ ነጻነት ሃገራት ኣፍሪቃ

ኣፍሪቃ እታ ማኣለያ ዘይብሉ ባህርያዊ ሃብትን: ባሕርታትን ቀላያትን: በዱ መሬትን ዘለዋ ኮንቲነንት'ያ። ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ: ካብ *1922* ዓ.ም. ጀሚረን: ካብ ኮሎንያል መግዛእቲ ነጻ ከምዝወጻ'የን ዝፍለጣ። ይኹን'ምበር ክሳብ ሎሚ ግን: ህዝቢ ኣፍሪቃ ምስ ሃብቱን: ምስ ጸግኡን ከሎ: ማዕከናት ዓለም ጠምዩን ዓሪቑን: ሓምሙን ደኺዩን: ደንቈሩን ተሰዲዱን: ጥራይ ክብላ'የን ዝስምዓ ዘለዋ። ስለምንታይ? ኣብ'ዚ ዘሎናዮ እዋን ከኣ: ኣብ ሕቡራት ኣሜሪካን ኤውሮጳን: ቍጠባዊ ቅልውላውን: ስርሓተ-ኣልቦን ገኒኑሉ ዘሎ'ዩ። ብዙሓት ኣሜሪካውያንን ኤውሮጳውያንን ቻይናውያንን ድማ: ንኣፍሪቃ ገጾም ክውሕዙ ንርእዮም ኣሎና። ብኣንጻሩ ግን ማኣለያ ዘይብሎም መንእሰያት ኣፍሪቃውያን: ሃገሮም ጠንጢኖም ኣብ ባሕሪ ኣንዳጥሓሉ: ኣብ ምድረ-በዳ ኣንዳተቐብሩን: ንኤውሮጳን ንሕቡራት ኣሜርካን ክውሕዙ ይርእዩ ከምዘለው ንዕዘብ ኣሎና። ስለምንታይ? ህዝቢ ኣፍሪቃ ዝኸፋኦ ዘሎ: ህዝቢ ኤውሮጳን ኣሜርካን ንኽጥዕሞም ደኾን ይኸውን? እዝቢ ኣፍሪቃ ኣንተጠዓሞኽ: ህዝቢ ኤውሮጳን ኣሜርካን እንታዩ ክኸፋኦ?

ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ *1922* ዓ.ም. ጀሚረን: ካብ ኮሎንያል መግዛእቲ ነጻ ከምዝወጻ'የን ዝፍለጣ። መዓልቲ መዓልቲ ማዕከናት ዓለም ክምዝሕብርኦ ግን: ህዝቢ ኣፍሪቃ ምስ ሃብቱን ምስ ጸግኡን ከሎ: ክሳብ ሎሚ ጠምዩን ዓሪቑን: ሓሚሙን ደኺዩን: ደንቆሩን ተሰዲዱን ጥራይ እዩ። ስለምንታይ?




ብ*1882* ዓ.ም. ኮሎንያል ዓባይ ብሪጣንያ: ንሃገር ግብጺ ወሪራ። ብ*1922* ዓ.ም. ድማ ግብጺ ካ ኮሎንያል ዓባይ ብሪጣንያ ነጻ ወጺኣ።
ብ*1883* ዓ.ም. ኮሎንያል ጀርመን: ንቶጎን ንካሜሩንን ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪቃን ወሪራ። ኣብ ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪቃን ጥራይ *100 000* ሚእቲ ሽሕ ኣፍሪቃውያን ኣጽኒታ።

ብ*1884-1885* ዓ.ም. እተን ሓያላት ሃገራት ዝብሃላ ምዕራባውያን ሃገራት: ኣብ ሃገር ጀርመን ኣትርከብ ከተማ በርሊን: ብዛዕባ ሃገራት ኣፍሪቃ ምስጢራዊ ስምምዓት ኣካይዶም።

ብ*1885* ዓ.ም. ኮሎንያል ዓባይ ብሪጣንያ: ንሃገር ናይጀርያ ዓሚጻ ወሪራ።
ብ*1889* ዓ.ም. ኮሎንያል ጣልያን ንኤርትራ ወሪራ።
ህዝቢ ኤርትራ ድማ ፈደረሽን ካብ ዝፈርስ ኣትሒዙ: ን*30* ዓመታት ተቓሊሱ። ብ*1993* ዓ.ም. ድማ *99.8%* ህዝቢ ኤርትራ ብረፈረንዱም ኣገባብ ነጻነቱ ረኺቡ።

ካብ *1993* ዓ.ም. ክሳብ ሎሚ *2009:* ህዝቢ ኤርትራ ብካብ ከርሲ ህዝቢ ዝወጸ ወዲ-ሃገር መንግስቲ ይምራሕ ኣሎ። ኣሞ እዚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ መንግስቲ'ኸ: ብሕጊ ዝቖኣመ መንግስቲ'ድዩ? ወይስ ከምቶም ብዓል መቡቱ ዝፍጽምዎ ዝጸንሑ ፍጽስሚታት'ዩ ዝፍጽም ዘሎ? ኣብ ኤርትራ'ኸ ሰውራ ኤርትራ ካብ ዝጀመር ኣትሒዙ ክሳብ ሎሚ: ክንደይ ዝኣኽሉ ሉሙምባታት ኤርትራውያን ዓሪቦም? ክንደይከ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርትታት ይበልዩ ኣለው? ስለምንታይከ? መንእሰያትከ ስለምንታ'ዮም ብቐስብ ተገፊፎም: ኣብ ሳዋ ጥራይ ዝንረቱ ዘለው? ስለምንታይከ ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቶም ምስወድኡ ኣብክንዲ ኣብ ኣብያተ ስርሓት ዝውዝዑ: "ንሃገራዊ-ኣገልግሎት" ንሳዋ ተኺብኪቦም ዝኸዱ ዘለው? ስለምንታይከ ጥሜትን ዓጸቦን

**ኣብ ኤርትራ ገኒኑ’ሎ? ኣዚ ዓይነት ኣገባብ ምሕደራ’ዚ ብዕምቈት እንተድኣ ክንመራመረሉ ፈቲና: ስለምንታይ ብኸምኡ ይጕዓዝ ኣሎ: መልሲ ክንረኽበሉ ኣይጽግመናን’ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ን40 ዓመታት ተቓሊሱ: ጻማ ቃልሱኸ ረኺቡዶ? ኤርትራውያን ወለዲ ምስ ደቆምን: ደቒ-ደቆምንዶ ብሓባር ይምዕብሉ’ለው?**

**ህዝቢ ኣፍሪቃ ቅድሚ ኮሎንያል-መግዛእቲ: ብባርነት ከምዝተሳቐየ ርኢና። ድሕሪ ባርነት ከኣ ብሕሱም ኮለንያል መግዛእቲ ክጭቈን ከምዝጸንሔውን ተኻታቲልና። ድሕሪ ኮሎንያል መግዛእቲ ከኣ: ብሓዲሽ ቀኑጠባዊ መግዛእቲ (ኒዮ-ኮሎንያሊዝም) ክምዝመዝ ከምዝጸንሔ ተገንዚብና። ኣብዚ ሎሚ ዘሎናዮ መዋእል ከኣ: ብረቂቕ ስነ-ኣእምራዊን ስለላዊን (ኒዮ-ሊበራሊዝም) መግዛእቲ: ላሕ ክብል ንርእዮ ኣሎና። ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ከኣ ምዕራባውያንን ምብራቓውያንን ሃገራት: ብናቶም ብጂ-20 መልክዕ: እንዳተጠራናንፉ ብሓባር ክምዕብላ ንዕዘበን ኣሎና። ኣብ ኣፍሪቃ ግን ብኣንጻሩ መደበር ሕድሕድ-ኵናትን: ጥሜትን ብልሽውናን: በብዓይነቱ ቀዛፊ-ሕማማትን ገኒኑ ይርኤ’ሎ። ስለምንታይ? ንሓዋሩኸ መጻኢ ዕድል ኣፍሪቃ ኣበይ ገጹ’ዩ ክዓልብ? ብሓፈሻ ኣብ ብዙሓት ኣፍሪቃ ሃገራት: ብፍላይ ድማ ኣብ ሃገር-ኤርትራ ዝርኤ ዘሎ ሕሰምን መከራንሲ: ስለምንታ ኮን ይኸውን? ብሓፈሻ ኣፍሪቃውያን: ብፍላይ ድማ ኤርትራውያን ወይ ኢትዮጵያውያን: ካብ ዘይረብሑሉኸ መንዮም ክረብሑሉ?**

**ይቅጽል…………………………..**

**ጕጅለ ደቀባት**
*10 ግንቦት 2009 ዓ.ም.*